
Konfliktrådet

tigrinja

# መቕጻዕቲ መንእሰያትን (ungdomsstraff) ኣራሚ ስጉምቲ መንእሰያትን (ungdomsoppfølging) እንታይ ማለት እዩ፧

ሓበሬታ ንመንእሰይን ሞግዚቱን



እዚ ማህደረ ሓበሬታ ብሰክረታርያት
ኣባይቲ ጽሕፈት ሽማግለ ዝተዳለወ እዩ

መስከረም 2024



እዚ ማህደረ ሓበሬታ ትሕዝቶኡ ቤት-ጽሕፈት ሽምግልና (konfliktrådet) ምሳኻ ብሓንሳብ
ክርእዩዎ እዮም፡ መታን መቐጻዕቲ
መንእሰያትን ኣራሚ ስጉምቲ መንእሰያትን እንታይ ማለት ምኳኑ ክገልጹልካ።
እቲ ኣኼባ ምስ ተወደአ ምሳኻ ትማልኦ ቅዳሕ ናይዚ ማህደረ ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ።
ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ እዚ ተመልከት: **www.konfliktraadet.no**

## 1. መቕጻዕቲ መንእሰያትን ኣራሚ ስጉምቲ መንእሰያትን እንታይ ማለት እዩ፧

መቕጻዕቲ መንእሰያትን ኣራሚ ስጉምቲ መንእሰያትን ብፍሉይ ንመንእሰያት ዝወሃቡ ዓይነት መቕጻዕትታት እዮም።

**መቕጻዕቲ መንእሰያት ብቤት-ፍርዲ ዝውሰን ኮይኑ፡** ካብ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ክሳብ ክልተ ዓመታት ክቕጽል ዝኽእል እዩ(ሳሕቲ ከኣ ክሳብ ሰለስተ ዓመታት ክቕጽል ይኽእል)።

**ኣራሚ ስጉምቲ መንእሰያት ብኣኽባር ሕጊ ዝውሰን ኮይኑ፡**ካብ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ክሳብ ክልተ ዓመታት ክቕጽል ዝኽእል እዩ። እዚ ሕራይ ክትብለሉ ዘለካ እዩ፡ ማለት ኣራሚ ስጉምቲ መንእሰያት ዝዓይነቱ ስጉምቲ ክተኣታቶ ፍቓድካ ምስ ትህበሉ እዩ ክትግበር ዝኽእል።

እንታይ ዓይነት መቕጻዕቲ እዩ ክውሰን ዘለዎን ንውሓቱ ክንደይ ክኸውን ኣሎዎን ዝብል ብክብደት ናይቲ ጉዳይን ካልኦት ረቛሒታትን እዩ ዝውሰን። እዞም ክምዚኦም ዓይነት መቕጻዕታት ናይ ሓባር ረቛሒ ኣሎዎም፡ እዚ ኣብቲ ትቕጻዓሉ እዋን ትኽተሎም ስጉምትታት ዝሓዘለ መደብ ክሕንጸጽ(ungdomsplan) ከሎ ንስኻ ትሳተፎ ምኻንካ እዩ፡ ከምኡ`ውን ዝከታተሉኻ ሰባት(oppfølgingsteam) ክህልዉ እዮም።

መቕጻዕትኻ ኣብ ትፍጽመሉ እዋን ብዛዕባ እቲ ዝተጣሕሰ ሕጊ ክንዘራረብ ኢና፡ ከምኡ`ውን እቶም ሕጊ ብምጥሓስ ዝበደልካዮም ወይ ዝተበደሉ ክረኽቡኻ ወይ ክረኽበካ ዝደልዩ እንተደኣ ኮይኖም ክትረኽቦም ገለ ካብቲ ክግበር ዝኽእል ነገራት እዩ።(እዚ ኣብ ጸጋኒ መስርሕ ዝካየደሉ ኣኼባ (gjenopprettende møte) እዩ ዝፍጸም)።

መቕጻዕቲ መንእሰያትን ኣራሚ ስጉምቲ መንእሰያትን ዕላምኡ ሂወትካ ክትልውጦ ምኽኣል፡ እቲ ዝገበርካዮ ሓላፍነት ክትስከመሉ፡ ከምኡ`ውን ብሓንሳብ ኮይንና ኩነታትካ ንብሕጂ ኣወንታዊ ኣንፈት ከምዝሕዝ ምግባር እዩ። እዚ ንምግባር ምትብባዕ ክህልወካን ክትሰርሓሉ ድሉውነት ክህልወካን ኣሎዎ፡ ይኹን ደኣ እምበር ኣወሃሃዲ ጉዳይ መንእሰያትን(Ungdomskoordinator) እቶም ዝከታተሉኻ ሰባትን ብጥብቂ ክከታተሉኻን ምትብባዕካ ኣብ ክጓደለሉ ዝኽእል እዋናት ክድግፉኻን እዮም።

**? ብዛዕባ እዚ እንታይ ትሓስብ፧ ዝኾነ ሕቶ ኣለካ ድዩ፧**

## 2. ምድላዋት

ኣድማዒ ዝኾነ መደብ መንእሰያት ንምሕንጻጽ ምሳኻ ክንፋለጥ ኣለና። ስለዚ ከመይ ከምዘለኻ፡ ሂወትካ ከመይ ክኾነልካ ከምትደሊ፡ ሕጂ ንከይትጥሕስ እንታይ እዩ ክግበር ዘለዎን ነዚ ዕላማ እዚ ክትወቕዖ ባዕልኻ እንታይ ክትገብር ትኽእልን ብምባል ከነዘራርበካ ኢና። እንታይ ዓይነት ሓገዛት እዩ ዘድልየካ ዘሎ፡ መን ከ ክሕግዘካ ይኽእል፧ኣብ ሂወትካ መነ መን እዮም ኣገደስቲ፧ምስ ካልኦት ዝፈልጡኻ ሰባት ውን ክንዘራረብ ኢና መታን ኣብቲ ዝሕንጸጽ መደብ መንእሰያት ኣየኖታት ስጉምትታት ክሰፍሩ ከምዘለዎም ክንፈልጥ። እቶም ዝከታተሉኻ ሰባት ውን መነ መን ክኾኑ ይግብኦም ብምባል ውን ከነዘራርበካ ኢና።

## 3. ምጅማር

እቲ መቕጻዕቲ ክጅመር ከሎ ብመደብ መንእሰያት ንምሕንጻጽ ዝካየድ ኣኼባ እዩ ዝጅመር፡ ሽዑ ንስኻን ኣወሃሃዲ ጉዳይካን ምስቶም ዝከታተሉኻ ሰባት ብምትሕብባር እቲ መደብ መንእሰይ ትሕንጽጹዎ። እዚ መደብ ኣብቲ ትቕጸዓሉ እዋን ክትክተሎም ዘለካ ስጉምትታት እዩ ዘጠቓልል።

ቤት-ጽሕፈት ሽምግልና ከኣ ጸጋኒ መስርሕ ኣብ ተካይደሉ ኣኼባታት መነ መን ምሳኻ ክሳተፉ ከምዝኽእሉ ምጽራያት ከካይዱ ክጅምሩ እዮም።

**? ብዛዕባ እዚ እንታይ ትሓስብ፧ ዝኾነ ሕቶ ኣለካ ድዩ፧**



## 4. መደብ መንእሰያትን ዝከታተሉኻ ሰባትን

**መደብ መንእሰያት** ኣብ መዓልታዊ ሂወትካ እንታይ ክትገብር ከምዘለካ እዩ ዝገልጽ። ኣብዚ መደብ ዝሰፍሩ ስጉምትታት ኣብ መጻኢ ሓደስቲ ገበናት ከምዘይትፍጽም ምግባር እዩ ዕላምኦም። እቲ መደብ ክሕንጸጽ ከሎ ንስኻ ትሳተፎ ኢኻ። መደብ መንእሰያት ክሕንጸጽ ከሎ ጠበቓ ሒዝካ ክትመጽእ ትኽእል ኢኻ።
ትሕዝቶ ናይቲ መደብ ዘይትሰማማዓሉ እንተደኣ ኮይንካ እቲ መደብ መንእሰያት ዝተሓንጸጸሉ ኣኼባ ድሕሪ ምውድኡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሳምንታት ንቤት-ጽሕፈት ሽምግልና ጥርዓንካ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ሽዑ ሰክረታርያት ቤት-ጽሕፈት ሽምግልና ጥርዓንካ ይግምግሞ። ነዚ ንምግባር ናይ ጠበቓ ሓገዝ ክግበረልካ መሰልካ እዩ።
ትሕቲ እዚ ጽሑፍ ኣብ መደብ መንእሰያት ክሰፍሩ ዝኽእሉ ስጉምትታት ከም ኣብነት ቐሪቦም ኣሎዉ።

### መደብ መንእሰያት ናይ ሀንሪክ

ክፋል 1 – መብርሂ

| ኣብቲ ተወሲኑለይ ዘሎ መቕጻዕቲ መንእሰያት እዞም ዝስዕቡ ስጉምትታት ከተግብሮም እየ | |
|---|---|
| ስጉምቲ 1 | ቤት-ትምህርቲ ክኸይድ |
| ስጉምቲ 2 | ምስ ስነ-ኣእምራዊ ሕክምና ቆልዑን መንእሰያትን ክዘራረብ |
| ስጉምቲ 3 | ምስ ፖሊስ ማርተ ሊለክሩከን ክዘራረብ |
| ስጉምቲ 4 | ዘይሕጋዊ መስተን ዕጸ-ፋርስን ኣይክወስድን እየ፡መርመራታት መስተን ዕጸ-ፋርስን ውን ክገብር እየ፡ ከምኡ`ውን ምስ ኣማኸሪ ጉዳያት መስተን ዕጸ-ፋርስን ክዘራረብ እየ |
| ስጉምቲ 5 | ናብ ልምምድ ኩዕሶ እግሪ ክኸይድ እየ |
| ስጉምቲ  6 | ሰኑየ ሰሉስ ዶንግዩ ተባሂሉ ሰዓት 22.00 ኣብ ገዛ ክህሉ እየ፡ ቀዳመ ሰንበት ከኣ ሰዓት 23.30 |



እቶም ስጉምትታት ኣብቲ መደብ መንእሰያት ብዝርዝር ዝያዳ ይግለጹ እዮም። ኣብዚ ሓደ ኣብነት ኣሎ።

## ክፋል 3 – ስጉምቲ


ሀንሪክ መቕጻዕቲ መንእሰያት ክቕጻዕ ከሎ እንታይ ክገብር ከምዝኾነ ዘርኢ መብርሂ

| መሰረታዊ ቅድመ-ኩነት: ሓደስቲ ገበናት ዘይምፍጻም | | |
|---|---|---|
| ስጉምቲ 3<br>እንታይ | **ምስ ፖሊስ ምዝርራብ**<br>ካልእ ግዜ ክሳብ ዘይተቛጸሩ ሀንሪክ ምስ ማርተ ሊለክሩከን ሰሉስ ሰሉስ ኣብ ከክልተ ሰሙን ሰዓት 15 ክዘራረብ እዩ። ገለ ካብቲ ዝዛረቡሉ ኣርእስትታት ሓደስቲ ገበናት ከኸስቱ ዝኽእሉ ኩነታት ከመይ ጌርካ ተወግዶምን ካልእን ክኾውን እዩ። | |
| ኣበይ | መደበር ፖሊስ ሃማር ወይ ካልእ ዝተሰማምዑሉ ቦታ። | |
| ግዜ | ዝጅምረሉ: **01.08.2024** | ዝውደኣሉ: **01.08.2025** |
| ዕላማ | ሀንሪክ ካብ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘሕድሩሉ ሰባት ክርሕቕን ሓደስቲ ገበናት ንከይፍጽም ሓገዝ ክረክብን። | |
| **ናይ ምክትታል ሓላፍነት ዝስከም ኣካል** | | |
| መን እዩ ክከታተሎ | ስም: ማርተ ሊለክሩከን | ተራ/ቦታ ስራሕ:<br>ፖሊስ፡ ፖሊስ ሃማር |
| ብፍሉይ ዝሰማምዑሉ | ድሮ መዓልቲ ቆጸርኦም ማርተ ንሀንሪክ ጽባሕ ቆጸራ ኣለካ ኢላ ብመሰጅ ከተዘኻኽሮ እያ። | |

**እቶም ዝከታተሉኻ ሰባት** ኣብቲ ትቕጻዓሉ ግዜ ብምሉኡ እዮም ክከታተሉኻ። ነዚ ጉጅለ ዘቘሙ ሰባት እቶም ኣብቲ መደብ መንእሰያት ሰፊሮም ዘለዉ ስጉምትታት ናይ ምክትታል ሓላፍነት ዝስከሙ ሰባትን ካልኦት ዝድግፉኻ ሰባትን እዮም።

እቶም ዝከታተሉኻ ሰባት ኣባላት ስድራ-ቤትካ ወይ ፖሊስ፡ኣብ ምክልኻል ገበን ዝዋፈሩ ኣካላት(kriminalomsorgen)፡ ተሓለቕቲ ቆልዑ(barnevernet)ን ሰራሕተኛታት ጥዕናን ክኾኑ ይኽእሉ፡ ከምኡ`ውን ኣብ ሂወትካ ኣገዳሲ ተራ ዝጻወቱ ሰባት ንኣብነት ኣሰልጣኒኻ፡ ጎረቤትካ ወይ ቀረባ መሓዛ ስድራ-ቤትካ ክኸውን ይኽእል። መቕጻዕቲ መንእሰያት ክትፍጽም እንተደኣ ኮይንካ ፖሊስን ኣብ ምክልኻል ገበን ዝዋፈሩ ኣካላትን ኩሉ ግዜ እዮም ኣባላት ናይቲ ዝከታተሉኻ ሰባት ዘለዎ ጉጅለ ዝኾኑ።





## 5. ጸጋኒ መስርሕን ኣኼባን

ዝከኣል እንተደኣ ኮይኑ ነቲ ንስኻ ዝፈጸምካዮ ገበን ዝተቓልዑ ወይ ዝተቓለዐ ሰብ ብምርኻብ እቲ ዝተፈጸመ ማህሰይቲ ንምጽጋን ጸጋኒ ኣኼባ ከተካይዱ ቤት-ጽሕፈት ሽምግልና ባይታ ከጣጥሑልካ እዮም። ምጽጋን ክበሃል ከሎ እቲ ዝተፈጸመ ማህሰይትን በደልን ብዝተኻእለ መጠን ከተዐርዮ ከለኻ እዩ።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ኣኼባ ብዛዕባ እንታይ ከምዘጋጠመ፡ ድሕሪ ምግጣሙ ከመይ ኣሕሊፍኩሞ ከምዘለኹምን ብሕጂ ከኣ እንታይ እዩ ዘገድሰኩምን ክትዘራረቡሉ ዕድል ክወሃበኩም እዩ።

በቲ ዝተፈጸመ ገበን ካብቲ ብቐጥታ ዝተተንከፈ ተበዳሊ ሓሊፉ ካልኦት ዝተተንከፉ ሰባት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም፡ እዚኦም ከኣ እቲ ዝወረደ ማህሰይቲ ንምጽጋን ምሳኻ ጸጋኒ ኣኼባ ከካይዱ የድልዮም ይኸውን። ንስኻ ውን ምስ ካልኦት ሰባት ክትዘራረብ የድልየካ ይኸውን። ምስ ኣወሃሃዲ ጉዳይ ብሓንሳብ ኮይንኩም ምስ መነ መን ኢኻ ጸጋኒ ኣኼባ ከተካይድ ዘድልየካ ዝኸውን ክትበጽሑዎ ትኽእሉ ኢኹም።

እዚ መቕጻዕቲ ክትፍጽሞ ከለኻ ሓደ ኣገዳሲ ክፋሉ ንናይ ገዛእ ርእስኻ ተግባራት ሓላፍነት ክትስከመሎም እዩ፡ስለዚ ብዘየገድስ ብዛዕባ እቲ ዝፈጸምካዮ ገበን ክትዛረብ ከምዘለካ ናተይ ኢልካ ክትሕዞ ኣለካ፡ እዚ ዝርርብ ከኣ ምስ ኣወሃሃዲ ጉዳይ ወይ ምስ ገለ ካብቶም ዝከታተሉኻ ሰባት ክኸውን ይኽእል።

## 6. ሓበሬታ ምክፋል

መቕጻዕቲ መንእሰያት ወይ ኣራሚ ስጉምቲ መንእሰያት ንምፍጻም እቶም ዝከታተሉኻ ሰባት ምስጢራዊ ሓበሬታ ነንሕድሕዶም ክካፈሉን ኣባላት ኣወሃሃዲ ጉጅለ ቤት-ጽሕፈት ሽምግልና(KOG) ነንሕድሕዶም ክካፈሉን ሕራይ ክትብል ኣለካ(ፍቓድካ ክትህበሉ ኣለካ)። መቕጻዕቲ ክትፍጽሞ ቅድሚ ምጅማርካን ክትፍጽሞ ከለኻን እዮም ሓበሬታ ዝካፈሉ። እቲ ዝካፈሉዎ ሓበሬታ መቕጻዕትኻ ንክትፍጽም ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታ ጥራሕ እዩ።

ወከልቲ ፖሊስ፡ኣኽባር ሕጊ(ጠበቓ ፖሊስ)፡ቤት-ጽሕፈት ሽግምልናን ኣብ ምክልኻል ገበን ዝዋፈሩ ኣካላትን እዮም ኣወሃሃዲ ጉጅለ ዘቑሙ። ሓንሳብ ሓንሳብ ወከልቲ ሕክምና፡ ተሓለቕቲ ቆልዑን ካልኦት ኣገልግሎታትን ውን ይሳተፉ እዮም። ኣባላት ኣወሃሃዲ ጉጅለ መታን ጉዳይካ መቕጻዕቲ መንእሰያት ወይ ኣራሚ ስጉምቲ መንእሰያት ክውሰነሉ ዝኽእል ዓይነት ጉዳይ እንተደኣ ኮይኑ ገምጋም ንክካይዱ እዮም ነንሕድሕዶም ሓበሬታ ዝካፈሉ። ኣድላዪ እንተደኣ ኮይኑ ኣወሃሃዲ ጉጅለ መቕጻዕትኻ ኣብ ትፍጽመሉ እዋን ንኣወሃሃዲ ጉዳይ ውን ምኽርታት ክልግሱሉ ይኽእሉ እዮም።

እቶም ዝከታተሉኻ ሰባት ንዓኻ ክድግፉኻን መቕጻዕትኻ ኣብ ትፍጽመሉ እዋን ኣብ መደብ መንእሰያት ዘለዉ ስጉምትታት ተተግብሮም ከምዘለኻ ክቆጻጸሩኻን እዮም ነንሕድሕዶም ሓበሬታ ዝለዋወጡ።

**ብዛዕባ እዚ እንታይ ትሓስብ፧ ዝኾነ ሕቶ ኣለካ ድዩ፧**



## 7. ንስኻ ከተማልኦም ዘለካ ቅጥዕታት ኣየኖት እዮም፧

እቲ ዝተሰማማዕኩምሉ መደብ መንእሰያት ክትክተሎ ኣለካ። ኣብ ቆጸራታትካ ክትርከብ፡ እቶም ስጉምትታት ንክትፍጽሞም ክትርከብን ምስቶም ዝከታተሉኻ ሰባት ክትተሓባበርን ኣለካ።

**እዚ ዝስዕብ ግድን ክትገብሮ ዘለካ እዩ**

- መደብ መንእሰያት ንክሕንጸጽ እጃምካ ከተበርክትን ምስቶም ዝከታተሉኻ ሰባት እንዳተሓባበርካ መደብ መንእሰያት ክትፍጽሞን
- ብዛዕባ ዝፈጸምካዮ ገበን ክትዛረብን ዝገበርካዮ ሓላፍነት ክትስከመሉን
- መቕጻዕቲ ኣብ ትፍጽመሉ እዋን ኣብ ሰዓትን ቦታን ቆጸራታትካ ክትርከብ
- እንተደኣ ሓሚምካ ወረቐት ሓኪም ከተረክብ

**እዚ ዝስዕብ ክትገብር የብልካን**

- እቲ መቕጻዕቲ ኣብ ትፍጽመሉ እዋን ሓደስቲ ገበናት ክትፍጽም የብልካን
- ምስ ዝከታተሉኻ ሰባት ክትራኸብ ከለኻ ወይ ብመደብ መንእሰያት ዝተወሰኑ ኣኼባታት/ ስጉምትታት ክትፍጽም ከለኻ ብኣልኮላዊ መስተ ወይ ዕጸ-ፋርስ ዝተጸለኻ ክትከውን የብልካን። እንተደኣ ክትርከብ ከለኻ ዝተጸለኻ ትመስል ኮይንካ መርመራ መስተን ዕጸ-ፋርስን ክትገብር ክትሕተት ትኽእል ኢኻ።
- መቕጻዕቲ ክፍጸም ከሎ ንወጻኢ ሃገር ክትገይሽ የብልካን። ኮይኑ ከብቅዕ ኣብ ገሊኡ ኣጋጣሚታት ኣወሃሃዲ ጉዳይ ፍቓድ ክህበካ ይኽእል እዩ። እዚ ነዊሕ ግዜ ክተርፎ ከሎ ኢኻ ምልክታ ከተእትወሉ ዘለካ።
- መቕጻዕትኻ ንክትፍጽም እጃሞም ዘበርክቱ ሰባት ከተፈራርሖም ወይ ኣከባቢኻ ብካልእ ኣገባብ ብኣሉታ ክትጸሉ የብልካን።



## 8. እቶም ዝውሰኑልካ ቅጥዕታት እንተ ደኣ ዘይኣማሊእካዮም እንታይ እዩ ክግበር፧


መደብ መንእሰያት ወይ እቶም ካልኦት ዝተወሰኑልካ ቅጥዕታት እንተደኣ ጥሒስካዮም እዚ ዝስዕብ ግብረ-መልሲ እዩ ክወሃበካ:

– ኣፋዊ መጠንቀቕታ
– ከም ብሓድሽ ንከይትጥሕሶ ዝርርብ ተካይድ

ቤት-ጽሕፈት ሽምግልና እዚ ዝስዕብ ክትገብር ትግደደሉ ዝተረሩ ስጉምትታት ከተኣታቱ ይኽእል እዩ

– ኣብ ዝተወሰኑ ቦታታት ክትከይድ ከምዘይትኽእል
– ምስ ዝተወሰኑ ሰባት ክትራኸብ ከምዘይትኽእል
– ኣልኮላዊ መስተ ወይ ካልእ ዕጸ-ፋርስ ክትወስድ ከምዘይትኽእልን መርመራታት መስተን ዕጸፋርን ክትገብር ከምዘለካ
– ምስ ፖሊስ፡ኣብ ምክልኻል ገበን ዝዋፈሩ ኣካላት ወይ ካልኦት ካብቶም ዝከታተሉኻ ሰባት ክትዘራረብ ከምዘለካ
– እንዳ ፖሊስ፡ ኣብ ምክልኻል ገበን ዝዋፈሩ ኣካላት ወይ ቤት-ጽሕፈት ሽምግልና ኣለኹ ኢልካ ንምሕባር ክትርከብ ከምዘለካ

እዞም ቅጥዕታት ከም ብሓድሽ እንተደኣ ጥሒስካዮም ካልእ ስጉምትታት ዝሓዘለ ሓድሽ መደብ መንእሰያት ክሕንጸጽ ይኽእል እዩ።



መቕጻዕቲ መንእሰያት ክውሰነልካ ከሎ ኣብ ዝተወሰኑ ቦታታት ክትህሉ ኣይፍቀደልካን እዩ፡ ኣብ ገዛ ኣብ ዝተወሰነ ሰዓታት ክትህሉ ኣለካ ወይ ምስ ዝተወሰኑ ሰባት ክትራኸብ ኣይፍቀደልካን እዩ ብምባል ቤት-ፍርዲ ክውስነልካ ይኽእል እዩ። ከምዚኦም ዓይነት ስጉምትታት ብኤለክትሮኒካዊ ምቁጽጻር(መቑሕ እግሪ) እዮም ዝፍጸሙ።

ሓደስቲ ጥሕሰታት እዚ መቕጻዕቲ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሽምግልና ከምዘቋርጽ ውን ክገብር ይኽእል እዩ። እቲ መቕጻዕቲ ኣራሚ ስጉምቲ መንእሰያት እንተደኣ ኮይኑ ኣኽባሪ ሕጊ ነቲ ጉዳይ ከምብሓድሽ እዩ ዝርእዮ። መቕጻዕቲ መንእሰያት እንተደኣ ኮይኑ ቤት-ፍርዲ እቲ ቤት-ማእሰርቲ ክትእሰር ተወሲኑ ዝነበረ መቕጻዕቲ ብምሉኡ ወይ ብከፊሉ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ክትእሰሮ ወይ ድማ መንእሰያት መቕጻዕቲ ናብ ኮማዊ መቕጻዕቲ(sam-funnsstraff) ወይ ውንዙፍ መቕጻዕቲ(betinget fengeslsstraff) ክቕይሮ ይኽእል እዩ።


መቕጻዕቲ ከይወዳእካዮ ሓደስቲ ገበናት እንተደኣ ፈጺምካ እቲ ትፍጽሞ ዘለኻ መቕጻዕቲ እንታይ ከምዝኸውን ኣኽባር ሕጊ እዩ ዝውስኖ።

**? ብዛዕባ እዚ እንታይ ትሓስብ፧ ዝኾነ ሕቶ ኣለካ ድዩ፧**

---

ኣብዚ ጽሑፋዊ ሓበሬታ ዝተዋህበካ ሓበሬታ ካብዞም ዝስዕቡ ሕግታት ኢና ኣውጺእናዮ:
መቕጻዕቲ መንእሰያት: ገበናዊ ሕጊ ምዕራፍ 8 a
ኣራሚ ስጉምቲ መንእሰያት: መስርሕ ገበናዊ ሕጊ § 71 a ካልኣይ ክፋል
ኣፈጻጽማ መቕጻዕቲ:ሕጊ ቤት-ጽሕፈት ሽምግልና ምዕራፍ 4
ጠበቓ: መስርሕ ገበናዊ ሕጊ § 96 ሳልሳይ ክፋል፡ § 99ን § 100ን ካልኣይ ክፋል

---



Konfliktrådet

Sekretariatet for konfliktrådene
Mariboes gate 13, 0183 Oslo

www.konfliktraadet.no

Aksell